## ድሒርካ ምኽንያት ስደት ህጻናት ምሕባር

እቲ ናይ ዑቕባ መስርሕኩም ዛዚምኩሞ ወይ ገና ውሳኔ ትጽበዩ ኣለኹም ግን ምኽንያት ስደት ምሳኻ ዝተጓዕዙ ህጻናት ኣይተዛራረብክምሎምን? እሞ ናብ ማሕበር ተሓጋገዝቲ ስደተኛታት (ፌ ቬ ኤን) ምጹ። ምሳኹም ብሓባር ብምዃን፡ ነቶም ናይ ስደት ምኽንያታት ከነቕርቦም ዝከኣል እንተኾይኑን ብኸመይ ኣገባብ ከ ከነቕርቦም ንኽእልን ንርኢ። ብተወሳኺ፡ ካልኦት ንዓበይቲ ኮነ ንህጻናት ዝምልከቱ ሕቶታት ምስ ዝህልዉኹም ከማን ናብ ማሕበር ተሓጋገዝቲ ስደተኛታት (ፌ ቬ ኤን) ክትመጹ ትኽእሉ ኢኹም።

ማሕበር ተሓጋገዝቲ ስድተተኛታት (ፌ ቬ ኤን) ኣብ ኩለን መዓስከራት ይርከብ። ኣብ መዓስከርካ ዝርከብ ማሕበር ተሓጋገዝቲ ስደተኛታት (ፌ ቬ ኤን) ዝኽፈተሉ ሰዓታት ንምርኣይ፡ ኣብ መርበብ ገጽ www.forrefugees.nl ተወከስ።

**VluchtelingenWerk Nederland**
Postbus 2894
1000 CW Amsterdam
info@vluchtelingenwerk.nl
www.vluchtelingenwerk.nl

VluchtelingenWerk Nederland

# ኣብ ግዜ መስርሕ ዑቕባ፡ ምኽንያት ስድት ህጻናት ሓብር

## ነብሱ ዝኸኣለ ምኽንያት ዑቕባ ናይ ምሳኻ ዝተጓዕዙ ህጻናት




Tigrinya

VluchtelingenWerk Nederland

# ኣብ ግዜ መስርሕ ዑቕባ፡ ምኽንያት ስድት ህጻናት ሓብር

## ነብሱ ዝኸኣለ ምኽንያት ዑቕባ ናይ ምሳኻ ዝተጓዕዙ ህጻናት

ንስኹም፡ ብስድራኹም ኣብ ሃገረ ኔዘርላንድ ዑቕባ ሓቲትኩም ኣለኹም። በዚ መሰረት እዩ ድማ፡ ኣብ ግዜ መስርሕ ዑቕባ ናይ ኩሎም ኣባላት ስድራ ታሪኽ ክንገር ኣገዳስነት ዘለዎ። እንተላይ ናይœቶም ህጻናት። ብኸምዚ ኣገባብ፡ ሙሉእ ስእሊ ኩነታት ስድራኹም ክህሉ ይኽእልን ከምኡœውን ነቲ ዘቕረብኩሞ ናይ ዑቕባ ሕቶ፡ ብኣገልግሎት ኢሜግሬሽንን ዜግነትን (ኢ. ኤን ዴ (IND)) ብጥንቃቐ ውሳኔ ክወሃበሉ ዝኽእል። ሓደ ምሳኻ ዝተጓዕዘ ህጻን፡ ብናይ ባዕሉ ፍሉይ ናይ ስደት ምኽንያት፡ ኣብ ሃገረ ኔዘርላንድ መንበሪ ፍቓድ ክረክብœውን ይኽእል እዩ። እዚ፡ ነብሱ ዝኸኣለ ምኽንያት ዑቕባ ህጻናት ተባሂሉ ይፍለጥ።

## ምሳኻ ዝተጓዕዙ ህጻናት ናይ ባዕሎም ናይ ዑቕባ ሕቶ ከቕርቡ ዝድርኹ ምኽንይታት

### 1. ብሰንኪ ምህላው ከምœቲ ናይ በጽሒ ሰብ ምኽንያት ዝቐርብ ሕቶ ዑቕባ

ከም ህጻን፡ ልክዕ ከም'ቲ ዓበይቲ ዑቕባ ንኸሓቱ ዝህልዎም ምኽንያት ስለዘለካ ዑቕባ ክትሓትት ትኽእል ኢኻ። ንኣብነት ብሰንኪ እምነትካ፡ ካልኦት ዘይሰማምዕሉ ርእይቶ ስለዘለካ ወይ ድማ ኣባል ናይ ዝኾነ ዓሌት ወይ ማሕበራዊ ጉጅለ ስለዝኾንካ።




### 2. ብሰንኪ ህጻን ምኳንካ ዑቕባ ምሕታት

ከም ህጻን መጠን፡ ህጻን ስለዝኾንካ ሓደጋ ከንጸላልወካ ይኽእል እዩ። ንኣብነት ከም ህጻን-ወታሃደር ኣብ ውትህድርና ወይ ናይ ገበን ጉጅለ ንኽትዋጋእ ምስ ትግደድ። ወይ ድማ፡ ከም ጓል ኣንስተይቲ መጠን፡ ብሓይሊ ክትምርዓዊ ምስ ትግደዲ ወይ ናይ ምኽንሻብ ሓደጋ ምስ ዝህልወኪ። ብተወሳኺ፡ ነፍሲ-ወከፍ ህጻን መሰላት ይውንን። እቲ ህጻን ነዞም መሰላት ኣብ ሃገሩ ክረኽበሉ ዘይክእል ኩነታት ከጋጥም ይኽእል። ንኣብነት፡ ጽቡቕ ናይ ትምህርቲ መሰል ወይ ድማ ናይ ጥዕና ክንክን መሰል።



### 3. ወለድኻ (ወላዲኻ) ጸገም ስለዘለዎም ዑቕባ ምሕታት

ከም ህጻን መጠን፡ ብሰንኪ ወለድኻ ዝህልዎም ጸገም፡ ንዓኻ'ውን ሓደጋ ከንጸላልወካ ይኽእል እዩ። ንኣብነት በቶም ንስድራኻ ዘበሳብሱ ዘለዉ ኣካላት ክትሳቐ ወይ ድማ ክትጭወ ሓደጋ ምስ ዝህሉ። ወይ ድማ፡ ወለድኻ (ውላዲኻ) ብፖሊስ ኣብ ዝተሓዝሉ እዋን፡ ካብ'ኦም ከምትፋለለ ምስ ዝግበር።



## ኣብ ግዜ መስርሕ ዑቕባ፡ ምኽንያት ስድት ህጻናት ምሕባር

ኣብ ግዜ መስርሕ ዑቕባ፡ ምኽንያት ስደትካ ይረኣዩ እዮም። ኣብ'ዚ ህሞት፡ እንተላይ ናይ'ቲ ህጻን ምኽንያት ስደት ሓብር። ነዞም ዝርርባት ምስ ትካል ኢ. ኤን ዴ ኢኻ ተካይዶም። ኤ ኤን ዴ ድማ፡ ንስኻ ኣብ ሃገረ ኔዘርላንድ ክትጸንሕ ትኽእል ዲኻ ይውስን።




- ንስኻ ዕድሜኻ ካብ 15 ዓመት ንታሕቲ ምስ ዝኸውን፡ ወለድኻ ብዛዕባ ናይ ስደት ምኽንያት ናይ ምስኦም ዝተጓዕዘ ህጻን ይሕብሩ። እዚ ዝግበር፡ ኣብ'ቲ እቶም ወለዲ ናይ ባዕሎም ናይ ስደት ምኽንያት ዝነግርሉ ዝርርብ እዩ።
  ዕድሜኻ ካብ 15 ዓመት ንታሕቲ ምስዝኸውን እሞ ናይ ስደት ምኽንያትካ ባዕልኻ ክትነግር ምስ ትደሊ፡ እዚ ኣብ ገለ እዋናት ብመንገዲ ጠበቓ ክሳለጥ ይኽእል እዩ። ኣብ ግዜ ናይ ዑቕባ መስርሕ፡ ጠበቓ ነቶም ምኽንያታት ክትነግር ክሕግዝ ይኽእል።




- ንስኻ ዕድሜኻ ካብ 15 ዓመት ንላዕሊ ምስ ዝኸውን፡ ናይ ባዕልኻ ናይ ዑቕባ መስርሕ ክህልወካ መሰል ዘለካ ኮይኑ፡ እቲ ሓቢሩ ዝተጓዕዘ ህጻን ባዕሉ ምኽንያት መስደዲኡ ይሕብር። ነዚ ንምግባር ዘኽእል፡ ምስ ትካል ኢ. ኤን ዴ ፍሉይ ናይ ኢንተርቪው ቈጸራ ይተሓዝ።